**ሰራዊት ወያነ ዝቐበሮ ነተጉቲ ኣብ ሰባት ጉድኣት የውርድ ኣሎ።**

**------------- 0 -------------**

**ሰራዊት ወያነ ቀቢርዎ ብዝኸደ ነተጉቲ፣ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ጎሎ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣደ ሽዱሽተ ቆልዑ ወይዘሮ ኣምና ዑመር የሱፍ ክትቅተል ከላ፣ መሓመድ ኣሕመድ ዝተባህለ ዜጋ ድማ ከምዝሰንከለ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ሓቢሩ።**

**ሰራዊት ወያነ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ብወራር ኣብ ዝተቖጻጸረሉ እዋን ሓያሎ ነቶግቲ ቐቢሩ እኳ እንተኾነ፡ነቲ ነተጉቲ ዝቐበረሉ ቦታ ዘመልክት ካርታ ከረክብ ብልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዝተሓተተሉ፣ “ ካርታ የብለይን ” ብምባል ዛጊት ከምዘየረከበ ዝፍለጥ እዩ።**

**--------- ኣዜኤ --------**